# ቤት ምኽሪ ጳጳሳት

## መልእኽቲ ንመበል 31 ብሔራዊ ዕለት ምእንቲ ክብሪ ሕይወት

## 1 የካቲት 2009

### *"ኀይሊ ሕይወት አብ ስቓይ"*

ዕላማ ሕይወት ቅሳነትን ሓጎስን ኢዩ፡፡ዘጋጥም ከኣ፡ ዚረአ ኢዩ፡ ብስቓይ ዚተሰነየ ኢዩ፡፡ ምኽንያቱ ብዙኅ ኪኸውን ይኽእል፤ ሰብ ዚሳቐ ብሕማም ሥጋ፣ ብሕማም ነፍሲ፣ ዘፍቅሮም ሰብ ካብኡ ኪፍለዩ እንከለዉ፣ ኣብ ሕይወቱ ምስ ርእሱ ኮነ ምስ ካልኦት ሰላምን ሓጎስን ስለ ዝጎደለ ኪኸውን፡ ይካኣል ኢዩ፡፡

ስቓይ አብ ሰብ ዚርከብ ምስጢራዊን ሱሩ ዘይርከብን ነገር ኢዩ፡ " ብክርስቶስን አብ ክርስቶስን ጥራሕ ኢዩ ምስጢር ስቓይን ምስጢር ሞትን ኪበርሀልና ዚኽእል" ( ሰነድ ጉባኤ ቫቲካን- ሓጎስን ተስፉን - ቁጽሪ 22 )

ስቓይ ከነቃልሎ ንኽእል እንተኮይንና ንጽዓር፡፡ ብኅልፊ ንሕሙማት፡ አብ ጻዕሪ ሞት ዚርከቡ፡ ወይ ከኣ አብ ብርቱዕን ስቓይ ዚበዝሖን ሕማም ዚርከቡ፣ ብርኅራኄን ጥበብን፡ዚከአል ክንክን ኪገብረሎም ይግባእ፡፡

ንዚሳቐ ሰብ በይኑ ዘይምገዳፉ፡፡ ዕርክነት፣ ኅውነት፣ ናይ ሓቂ ፍቕሪ፡ ንዚሳቐ ሰብ ዓቢ ሓገዝ ኢዩ፡ ኩነታት ይመሓይሽሉ፡፡ ቃልና ነመኃላልፎ ከአ ንአዝማድ፣ ንአዕሩክ፣ ነቶም ብድልየቶም ናፃ ጊዚኦም ዘወፍዩ፣ ነቶም አብ ሕይወቶም ስቓይ እንታይ ከምዝኾነ ዝፈተኑዎን ኢዩ፤ ምስ ሐመምካ ሰብ አብ ጥቓኻ እንተሎ ብርታዔን ተስፉን ትረክብ ኢኻ፡፡

በዚ ጊዜና ዚሳቐዩ ብፍላይ አረጋውያን ኢዮም፣ እዚ ከኣ ቀረባ አዝማዶም ብምኽንያት ሥራሕ ኮነ ብርሕቀት ቦታ፡ ወይ ከኣ ቀጻሊ ምእላይ ሕሙማት ስለዘይከአሎም፡ ከም ድላዮም ኪሕግዝዎም አይክእሉን ኢዮም፡፡ አብ ጥቓኦም ኮይኖም፡ ብክእለት ዘገልግልዎም ደቂ ወጻኢ ሃገር አለው፡፡ ብዙኅ ጊዜ እዞም ዘገልግሉ ብሓቂ ዚነአድ ስራሕ ኢዮም ዚገብሩ፣ ነዚኦቶም ነቶም ተመሳሳሊ ስራሕ ዚገብሩን ናእዳን ክብርን ነቕርበሎም፡፡

ገሊአን አንስቲ፡ አብ ሕይወተን ብዙሕ ጸገም ዘጓንፈን፡ ዘይተጸበያኦ ጥንሲ ከጋጥመን እንከሎ፡ አብ ጭንቀት ይወድቃ፡፡ ጥንስኽን አቋርጻ ኪብሃላ እንከለዋ፡ አብ ዝገደደ ጭንቀት ይወድቃ፡፡ ሰለምንታይ ኣብ ማሕፀን ዘሎ ፍጡር ጥራሕ ኣይከነን ዚጉዳእ፡ ንዓኣትን ከኣ ዓቢ መንፈሳዊ በሰላ ዘሕድረለን ኢዩ፡፡ ስቓይ ብስቓይ አይኮነን ዚፍውስ፣ ካልእ ብሩህ መፍትሐ አይበኣስን ኢዩ፡ እዚ ከኣ ብምንባራት ካቶሊካውያን ተረኺቡን ኣብ ግብሪ ዚውዕል ዘሎን ኢዩ፡
፡

ገሊኦም ንስቓይን ንዘይሓዊ ሕማምን በካልእ መንገዲ መፍትሒ ኪደልዩሉ ይጽዕሩ፡ ድንዛዜ-ሞት (ዮተናዝያ)፡፡ መንም ከይታለል እዚ ተግባርዚ ጊጉይ መፍትሒ ከምዝኾነ ንገልጽ፡ ሕይወት ወዲሰብ ዘይደፍር ኢዩ፡ ክቡር ኢዩ፣ ዘይጠቅምን ተስፋ ዘይብሉን ቃልሲ ምእንቲ ሕይወትውን ግቡእ አይኮነን፡፡ ጻዕሪ ኪግበር ዘለዎ ፈውሲ ንምርካብ ኢዩ፣ እዚ ከኣ ንሕማምን ንቁሰልን ዝተኻእለ ቃልሲ ኣካይድካ ፈውሲ እንተተረኺበ ኢዩ፡ ተስፋ ምቁራጽ አየድልን ኢዩ፡፡

አብ ልዕሊ ኩሉ፡ ንስቓይ ከነቃልሎ እንተደሊና፡ ናብ ክርስቶስ ክንጽጋዕ አሎና፡ ንሱ ጥራይ ኢዩ በዓል ፍትሐ አብ ስቓይና ከኣ ዝተኃባበርና፡፡ ጉዕዞና ጻዕሪ ዚሓትት ኢዩ፡ ኪቕጽል ዚኽእል ከኣ ብእምነት እንተበርሀን እንተተሰነየን ኢዩ፣ ነፍሲወከፍና፡ በጊዜ ፈተና ምስ ቅ. ጳውሎስ ከምዚ ኪብል ይኽእል ኢዩ፡ "ሕጂ ከኣ ምእንታኻትኩም ብምስቓይ እሕጐስ አሎኹ፣

ምእንቲ እታ ሰብነቱ ዝኾነት ቤተክርስትያን ከኣ ስቓይ ክርስቶስ ዝተረፈ ብሥጋይ እመልእ ኣሎኹ" ( ቈላ.1፡24)።

ሽኹም ሕይወትና ዘይጽወር ኮይኑ ኪስምዓና እንከሎ፡ ኪሕግዘና መለኮታዊ ኃይሊ ይላኣኸልና ኢዩ። እዚ ኃይሊ ናይቶም ተስፋ ዘይቈርጹ ኢዩ፡ ሓገዝቶም ኣዕሩኽ ኢዮም፣ ሕይወቶም ዕላማ ኣለዎ ብትብዓት ከኣ ይስዕቡዎ። ጻዕሮም ብክርስቶስ ዝተደገፈን ዝበርትዐን ኢዩ፡ ንሱ ኣብ ልዕሊ ዕጸ መስቀል ተሳቒዩ ኢዩ፡ ተግባሩ ኣብ ልዕሊ ምሥጢር-ስቓይን ምሥጢር-ሞትን ዝተመሥረተ ኢዩ። ዓወቱ ከኣ፡ ደኅሪ ሠለስተ መዓልቲ ኣብ ትንሣኤ ተገሊጹ፡ እዚ ከኣ እንታይ የርእየና፡ ዝኾነ ስቓይ፡ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ፡ ኣብ ልዕሊ ፍቕርን ሕይወትን ኪዕወት ኣይክእልን ኢዩ።

*ሮማ፡ 7-10-2008፡ በዓል ቅድስቲ ማርያም ዘሮዛርዮም*
*ጉባኤ ረቢበ ጳጳሳት - ኢጣልያ።*